## ኣብ ኬንያ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣብ ኤርትራ ንዝርከብ ኬንያዊ ክፋል ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ናይ ድራር እንግዶት ገይሮም።

--------0-------

ኣብ ኬንያ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣብ ኤርትራ ንዝርከብ ኬንያዊ ክፋል ዓቃብ ሰላም ሰራዊትን ኬንያውያን ተቐማጦ ኤርትራን ትማሊ 7 ሓምለ ናይ ድራር እንግዶት ገይሮም።

ኣብቲ ኣብ ሆቴል ኤክስፖ ዝተግብረ እንግዶት ጉጅለ ባህሊ ስብሪት ብዝተፈላለየ ያታዊ ጸወታታት ብሄራት ኤርትራ ነቶም ኣጋይሽ ከተዘናግየም ኣምስያ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኮሚሽነር ኮሚሽን ምውህሃድ ምስ ልኡኽ ዓቃብ ሰላም ኣቶ ዓ ንደብርሃን ወልደገርግስ ተረኺቡ ኣብ ዘስምዮ መደረ፣ ኣብ ዓድኹም ስለዘለኹም፣ ዝኾነ ስክፍታታት ክስምዓኩም የብሉን ድሕሪ ምባል፣ ተልእኮኦም ብዓወት ክዝዛዘም ዘልዎ ተስፋ ገሊጹ።

ንሱ ኣስዒቡ፣ “ናትኩም ህላወ ኣብዚ ሃገር ኣፍሪቃውያን ንውሽጣዊ ሽግራቶም ባዕላቶም ናይ ምፍታሕ ዓቕምን ተበግሶን ከምዘለዎም ዘረድእ እዩ” ኢሉ።

ምክትል ኣዛዚ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኬንያዊ ብርጋዴር ጀነራል ፒተር ሚያምራ ብወገኑ፣ ኣብ ኤርትራ ካብ ዝኣተናሉ ዕለት ጀሚርና ካብ ሃገርና ዝተፈለና ኮይኑ ኣይተሰመዓናን ድሕሪ ምባል፣ “ ከም ኬንያውያን ኣብዚ ተልእኾ እዚ ክንሳተፍ ከለና ዝስምዓና ክብርን ሓበንን ወሰን የብሉን” ኢሉ።

ኣብቲ እንግዶት ሰበስልጣን መንግስቲ፣ ዲፕሎማሰኛታትን ዕድመ ዝተገብረሎም ኣጋይሽን ተሳቲፎም።

*******ኣዜኤ*******